*(ኤረና ኩሑሎ ዶ ብህግደፍ ትሕሎ)*
*ደለይቲ ፍትሒ ኢና በሃልቲ*
*ካብ ላዕሊ ንታሕቲ*
*ግብራዊያን ዲናስ ተዛረብቲ“*

*ደለይቲ ፍትሒ ኢና እኹል ኣይኮነን*
*ዘረባ ጥራይ በይኑ ፍትሕ ኣየምጽእን*
*ኤርትራዊያን ካብ ዘረባ ወጺና ንወስን“*

*ሐገዝቲ ረኺብና እንተበልናሲ*
*ተቐበልቲ ሕድሪ ተረኺቦም ፈልሲ*
*መንእሰይ ተገምጢሉ ኮይኑ ከሳሲ“*

*ጅግና ስዉእ ዓዋተ በዓል ስረ*
*ዓዲ ኣሻሐት ስዉኣት ደቂ ኤረ*
*ህግደፍዩ ንኤርትራዊያን ዘቑረረ“*



*ጅግና ስዉእ ወዲ ዓሊ*
*በጀና ምስ ሐለፈ ትማሊ*
*ንህግደፍ ጸረ ህዝቢ ዝኣሊ*
*ጅግና ተሳኢኑ ኣለኹ በሃሊ“*

*ካብ ውሽጥስ ተቓቢጹ*
*ህዝበይ ካብ ዓዱ ነፊጹ*
*እግረይ ኣውጽእኒ መሪጹ*
*ብደገ እስትራተጂ ሐንጽጹ*
*ተስፉ ዝቖረጹ ናባን ክመጹ“*

ኣብ ባሕቲ መስከረም ሐደ
ጅግና ቱታ ኢሉ ምስ ዓረደ
ንዓዋተ ሲዒብናዮ በብሐደ“

ሐርበኛ መሰል ህዝብና ምስ ተሰልበ
ጅግና ዓዋተ ኣብ ኣዳል ምስ ኣዝግበ
ብኣፈሙዝ ኣቡ ዓሸራ ምስ ተዛረበ
ጅግንነትና ሹዑ እዩ ንዓለም ኣዛረበ“

ሰብ ዝገበሮ መሬት ነገሮ
ንኤርትራዊ ኣብ ስንጭሮ
ከም ኣራዊት ዘስፈሮ
ኢሰያስ መራሒ እንባጋሮ
ንነጻነትና ናብ ባርነት ዝቐየሮ“

ንውዲት ን30 ዓመታት ዋጋ ከፊልናሉ
ህዝብና ካብ ውዲት መዓስ ተጋላጊሉ
ብውዲት ሕጂ ኸ ንመን ዋጋ ከተኽፍሉ
ንሐድነት ኤርትራዊያን ክትከፋፍሉ
ኣግኣዚ ዶ ትግራይ ዶ ትብሉ ተ኿ሉ“

ዝበልዔት ከብዲ
ኣይትደልን መዓዲ
ያኣክል እወ ያኣክል
ንመን ነቲ ከይነትክል
ነቲ ንውራይና ዝብክል“

ንጅግና ዓዋተ ኤርትራ ምስ ፈረየቶ

ካብ ኢትዮጵያ ብቅልጸማ መንዚዓቶ
ቆጽሊ ዘወደቖ ንመሰል ህዝባዊ ሕቶ
ከይንተክል ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ
ጉጅለ ህግደፍ ንበይኑ ምስ በሐቶ
ንህዝቢ ኤርትራ ሓርነት ሐርቢታቶ“

ልእላውነትና ተራጋጊጹዩ
ሕቶና ሕቶ ሓርነት እዩ
ደቂ ኤረይ ብስኒት ዕየዩ
ህዝብና ምስ ሰዓረ ንኣባዩ
ናይ ሓርነት ሕቶ ክትርጎም ዩ“

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ;ክብርን ሞጎስን ንጅጋኑ ሰማእታትና፣ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን፣ ብኣባል ተሐሌ በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።